# ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ዕላዊ ልሳን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

Democratic Alliance

ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቅጺ 2 ሕታም ቍ. 1 መጋቢት-ሚያዝያ 2007

ገጽ .... 7

እቲ ሕጂ ካብ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝጥለብ እምበኣር፡ ነዚ ዝኸተምሉ መቕሚታትን መበገሲታትን ቃል ብቓሉ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ካብኦም ትጽቢት ዝግበረሉ ቃልስታት ከካይዱ፤ ህዝቢ ድማ፡ መን ንቻርተራቱን ቅዋማቱን እሙን ኰይኑ ንምዕዋቱ ይቃለስ ኣሎ? መን'ከ ኣንጻሩ ይሰርሕ ኣሎ? ክከታተልን ክቀጻጸርን ከለልን ሓላፍነቱ ምዃኑ ክግንዘብ ኢዩ።

**ትሕዝቶ መጽሔት** **ገጽ**

1. ርእሰ-ዓንቀጽ
መንነትን ርእይቶታትን ቀዳማይ ወገን ኤዲኪ ..........................1-3

2. መብርሂ ካብ ቤት ጽሕፈት ኤዲኪ (ቀዳማይ ወገን)...............4-6

3. መሰረታዊ መቓሚታት ቻርተር
ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳን …………………………….....7

5. ዜናዊ ጸብጻብ .................................................................8-16

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## መንነትን ርእይቶታትን
## ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

### ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን መን'ዩ?

ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ዝቖመ ልፍንታዊ ጽላል ኢዩ። እዞም ውድባት እዚኣቶም፡ ከም ውድባት ይኹን ከም ኣካል ናይ ምሕዝነት ይኹን ከም ኣካል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቲ ኣብ ቻርተር ሰፊሩ ዝነበረ ንሸሪዓን ብሄራትን ዝምልከታ ዓንቀጻት፡ ንምምሕያሽ ከይሰልከዩ ተቓሊሶም ኢዮም። ከምኡ ውን፡ ናይ ልፍንቲ መደብ ዕዮ፡ ኵሉ ዝሰማማዓሉ ዝተሓተ ነጥበ ስምምዕ ክኸውን'ዩ ዝግብኦ፡ ዘይንሰማማዓሎም ሓሳባት ኣብ ቻርተርና ክሰፍሩ የብሎምን እናበሉ ንዓመታት ክምጉቱን ዝጸንሐ ውድባት ሓቝፉ ዝርከብ ንለውጢ ክቃለስ ዝጸንሐ ኪዳን ኢዩ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፡ ክሳብ'ቲ ኣብ ክፍላ ነሓሰ 2006 ዝተኻየደ ናይ ምንጽባር ጉባኤ፡ በብኽልተ ዝውከሉ ዝነበሩ ሰለስተ ውድባት ማለት ብተሓኤ ሃ.ጉ፡ ሰደግኤን ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን ዝቖመ ውድብ ኢዩ። ብመሰረት እቲ ኣብ'ቲ ኣብ ወርሒ 4/2006 ዝተኻየደ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዝተወሰደ ውሳኔ ድማ፡ ከም ንጽል ውድባት ኰይኖም ወርሓዊ ውጽኢቶምን ንጉባኤ መካየዲ ዝውዕል ዝተሰልዓሎም ገንዘብን እናኸፈሉ ዝመጹ ውድባት ኢዮም። ድሕሪ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ከም ኵሉ ካልእ ውድብ ብ2 ኣባላት ክውከሉ ኰይኑ ኣሎ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብ4 ኣባላት ክውከሉ ይግብኦም ዝብል ርእይቶ ከምዝነበሮ ድማ ዝዝከር ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንስርሓት ማእከላይ መሪሕነት ዝቖጻጸር ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ጉባኤ ኣብ'ቲ ቅርጻ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክህሉ ኣለዎ ኢሉ እተቓለሰ፤ እዚ ኣብ ወርሒ ለካቲት እተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ክውን ንምግባር ዘኽኣለ ግንባር ኢዩ። ኣብ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ ኪዳን እተኻየደ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ንዝተፈጥረ ቅልውላዋት ንምፍታሕ ብቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝቐረቡ ኣማራጺታት፡-

1, ንሓው ሓሰን ዓሊ ኣሰድ፡ ምክትል ኣቦ መንበር ተሓኤ፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ክኸውን ዝተቐበለ ኪዳን ኢዩ፤
2. ኵሉ መገድታት ምስ ተዓጽወ፡ ክልቲኦም ሸነኻት ብማዕረ ዝውከሉላ፡ ብግዝያውነት ንኪዳን ከም ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኰይና እትመርሕን፤ ኣቦ መንበራ ድማ፡ ካብ ካልኣይ ወገን ኤዲኪን ክኸውን ዝብል መፍትሒ ኣቕሪቡ፤
3. እዚ ምስ ተነጽገ፡ እሞ ሰልፊ ኣልናህዳ፡ ክሳዕ ክልቲኡ ሸነኻት ኣብ ስምምዕ ዝበጽሕ፡ ኣነ ምስ ክልቲኡ ሸነኻት የለኹን፡ ኣባልነተይ የደስክል ኣለኹ ድሕሪ ምባሉ፤ ቀዳማይ ወገን፡ ብኣቦ መንበርነት ናይ'ዚ ሻራ ዘይብሉ ውድብ እትምራሕ፡ ክልቲኦም ሸነኻት ብማዕረ ዝውከሉላ ግዝያዊት መሪሕነት ክትቐውም ሓሳብ ዘቕረበ ኪዳን ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ቀዳማይ ወገን፡ ብዝኾነ ይኹን መለክዒ ንምፍንጫልን ንካልኣዊ ግርጭታት ንምብላሕን ዝደፍአ ሓይሊ ኰይኑ ክግለጽ ኣይክእልን'ዩ። ብኣንጻሩ ኤዲኪ-1 ንሓድነት ህዝብን መሬትን ተቓወምቲ ሓይልታትን ኤርትራ ከም ማእከላይ ዕላማኡ ዝኣምን ሓይሊ'ዩ።
ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቲ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ዝጸደቐ ቻርተር ህዝቢ

ክድግፎን ክዓስለሉን ዝግባእ ዕላማታት ኢዩ ኢሉ ስለዝኣምን፡ ንምዕዋቱ ከይሰልከየ ክዓዪ ምዃኑ ድማ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ቃል ይኣቱ።

## ርእይቶ ቀዳማይ ወገን ኤዲኪ ኣብ ልፍንቲ ወይ ምሕዝነት ወይ ኪዳን፡-

ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ልፍንቲ ብባህርያቱ ናይ ብዙሓት ዝተፈላለየ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባት ጽላል ስለዝኾነ፡ ውሳኔታት ማእከላይ መሪሕነቱ ብሓባራዊ ወይ ጥቓ ሓባራዊ ዝኾነ ድምጺ ክጸድቕ ኣለዎ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለዎ። ውሳኔታት ብሓባራዊ ስምምዕ ወይ ጥቓ ሓባራዊ ስምምዕ ዝኾነ ድምጺ ምሕላፍ፡ ንቅልጡፍ ውሳኔ ናይ ምውሳድ ህንጢት ከምዘየማልእ ርዱእ ኢዩ። በዚ ደረጃ ውን፡ ገለገለ ስርሓት ክትዓናቐጹ ከምዝኽእሉ ይኣምን። እቲ ምርጫ ግን፡ ወይ ሓድነትካ ንምዕቃብ፡ ከይሰልከኻ ምልዛብን ክትረዳዳእ ምፍታንን'ዩ፤ ወይ ድማ፡ ንሓድነትካ ዝበታትን ቅልጡፍ ወይ ህውኽ ውሳኔታት ምውሳድ ኢዩ። እዚ ኣብ ኪዳን ተጋሂዱ ምፍንጫል፡ ብሰንኪ'ቲ ካልኣይ ወገን ኤዲኪ፡ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዝሓዞ፡ ንሕና ብዙሓት ኢና፡ ውሳኔታትና ብ50%+1 ክንወስድ ንኽእል ኢና፡ ከምኡ እንተዘይገርና ስርሓት ኪዳን ክድስክል'ዩ …ወዘተ ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ ምዃኑ ብዘየዋላውል ኣገባብ ናይ ሕጂ ተመኩሮና ኣብሪህዎ ኣሎ። ቅልጡፍ ውሳኔታት ምውሳድ ጥራሕ እንተደኣኮይኑ ዝድለ'ሞ፡ ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝቐልጥፍ ካልእ ስርዓት ኣብ ዓለምና ክርከብ ከምዘይክእል ክልተ ሰባት ውን ዝፈላለይሉ ጉዳይ ኣይኮነን።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ዝምርኮስ ውሳኔ፡ ኣብ እንካን ሃባን ዝተሰረተ ልዝብ ዘተባብዕ፤ ንኹሉ ዝምልከቶ ሸነኻት ናይ ተዓዋትነት መንፈስ ዘሕድር ማእከላይ ፍታሕ ንምርካብ ዝሕግዝ ስለዝኾነ፡ ኣብ ልፍንታዊ ስርሓት መተካእታ ዘይርከቦ ኣገባብ'ዩ ዝብል እምነት ኣሎና። ዋላ ኣብ'ቲ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ውን፡ እንተኾነ፡ እቲ ውሳኔ ናይ ምውሳድ መጠን ካብ'ቲ ቅድም ክብል ዝነበሮ ¾ ናብ 2/3 ለጠቕ ክብል ዝተደልየሉ ምኽንያት፡ ብሓደ ሸነኽ ህውኽ ውሳኔታት መታን ከይውሰድ ልዕሊ 50%+1 ክኸውን፥ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ፈጻሚ ኣካል፡ ካብ ማእከላይ መሪሕነት ዝፈልዮ ነገራት ከምዘሎ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ¾ ዝብል መጠን ንናይ ምፍጻም (እጅርኣት) ስልጣን ፈጻሚ ኣካል ኣዝዩ ከይድርት ካብ ዝብል ተረድኦ ዝነቅል'ዩ ነይሩ። ብተረድኦና፡ ማእከላይ መሪሕነት፡ ዘሕልፎም ውሳኔታት ኩሎም፡ እንተላይ ምምራጽ ናይ መሪሕነት ፖለቲካዊ ውሳኔታት ክኾኑ እንክለዉ፤ ፈጻሚ ኣካል ግን፡ ነዞም ውሳኔታት ኣብ ግብሪ ምውዓል ዝወስዶም ብዙሓት ዓበይትን ንኣሽቱን ተክኒካዊ ስጉምትታት ከምዘለዉ ብምርዳእ ኢዩ። ኣቦ ፈጻኢ ኣካል ምምራጽን (ስራሕ ማ/መሪሕነት)፡ ሓደ ካድር ኣብ ሓደ ቦታ ምምዳብን (ስራሕ ፈጻሚ ኣካል)፡ ብሓደ ዓይኒ ክጥመቱ ከምዘይከኣል ብሩህ ጉዳይ ኢዩ።

ስለዝኾነ፡ እቲ ብካልኣይ ወገን ኤዲኪ ዝቐረበ፡ መሪሕነት ምምራጽ ብ50%+1፥ ካልእ ውሳኔታት ድማ ብ3/4 ዝብል ይኹን፤ እቲ ንውሳኔታት ናይ ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ዓበይትን ንኣሽቱን ጉዳያት ኢሉ ዝኸፋፍል ሓድሽ ምህዞኡን፡ ንሓደ ሕጊ ወይ ንሓደ መትከል ብፋስ ጌርካ ምፍላጽ ጥራሕ'ዩ ዘስምዕ። ኤረ! ካብ ምምራጽ መሪሕነት ወይ ካብ ስልጣን ዝዓቢ ካልእ ፖለቲካዊ ውሳኔ"ኸ ኣሎ ድዩ? እቲ ዘገርም ከኣ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ንምምራጽ መሪሕነት ከም ንኡስ ጉዳይ ምውሳድ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ካብ መሪሕነት ኣይወርድን ወይ ኣይቕየርን ኢልካ ምድራቕን፤ ኪዳን ንኽፈናጨል ክሳዕ ዝከኣለካ ጫፋት ምኻድን ኢዩ። እዚ ንገዛእ ርእሱ ተጋራጫዊ'ዶ ኣይኮነን?

## ልምድታትናንን ተመኩሮታትናን፡-

ኣብ ልምድና፡ ወይ ኣብ ተመኩሮና፡ ብ50%+1 ንመርጽ ኤርና ዝብል ኣብሀሀላ ውን ሓድሓደ

ግዜ ይስማዕ ኢዩ። ብቐዳምነት፡ ኵሎም ኣቦ መንበራት ናይ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ይኹን ናይ ማእከላይ መሪሕነት ብምሉእ ወይ ¾ ድምጺ ኢዮም ተመሪጾም። ኣብ ታሪኽ ናይ ምሕዝነት ይኹን ኣብ ታሪኽ ኪዳን ብ50%+1 እተመርጸ ኣቦ መንበር ፈጺሙ ኣይነበረን። ኣብ'ዚ ቀዳማይ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተፈላለናሉ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ ምምራጽ ኣቦ መንበራት ናይ ማእከላይ መሪሕነትን ፈጻሚ ኣካልን'ዩ ነይሩ። ኣዝዩ ዘገርምን ዘሰደምምን ተርእዮ!!!

እቶም ዝተረፉ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እንተኾይኑ ውን፡ ብመሰረት ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ዝጸደቐ ቅዋም ኤዲኪ ዓንቀጽ 9 ቍ2. "ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ንሓላፍነት ቤት ጽሕፈታቱ ዝሓጸዮም ናብ ማእከላይ መሪሕነት ኣቕሪቡ ከጸድቅሉ ይሓትት" ኢዩ ዝብል። ናብ ማእከላይ መሪሕነት ዝቐርብሉ ምኽንያት ድማ፡ ¾ ድምጺ ንምርካብን ዘይምርካብን ደኣ'ምበር፡ ካልእ ኣይኮነን። እቲ ዘደንጹ ግን፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ብስምምዕ እንተዘይኮይኑ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ክመርሕ የብሉን ዝብል ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና ልምድን ተመኵሮን ኣሎና ክንብሎም ከሎና፤ ከምኡ ዝብል ውሳኔ ኣብ ቅዋምና የለን ዝብል መልሲ ይውሃበና። ኣብ ቅዋምና ውሳኔታት ብ50%+1 ይሓልፍ ዝብል ሕጊ የብልናን ክንብሎም ከሎና ድማ፡ ኣብ ተመኵሮናን ልምድናን ንሰርሓሉ ጸኒሕና ዝብል መልሲ ክህቡና ምስማዕና ኢዩ። "ክውዕየካን ብማንካ፡ ክዝሕለካን ብኢድካ" ኣይኮነን'ዶ ነገሩ።

ኣብ'ቲ ብተመኵሮና ኢሎም ዝዛረብሉ ኣብነታት ኣቲና እቲ ጉዳይ ከምኡ ከምዘይነበረ ንምብራህ ኣይምሰነፍናን ኔርና። ግን፡ ንሕና በዚ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳን ዝጸደቐ ቅዋም ደኣ'ምበር፡ ብዝሓለፈ ቅዋማትን ሕግታትን ስለዘይንምራሕን ብኡ ክንምእዘዝ ውን ስለዘይንግደድ፡ ኣብኡ ኣቲና ዕንክሊሊ እንብለሉ ምኽንያት ኣይርኣየናን ኢዩ። ኣብ ነበረ'ያ ነበረ ኵለል ምባል ዘምጽኦ ረብሓ ይኹን ውጽኢት ከምዘየለ ድማ ኣጸቢቕና ንርዳእ ኢና።

## ጉዳይ ብዙሃንን ውሑዳትን፡-

ብዛዕባ መን'ዩ ብዙሕ መን'ዩ ውሑድ ብልክዕ ንምዝራብ፡ እቲ ክሳዕ ሕጂ ኣብ መደምደምታ ዘይበጽሐ ንጉዳይ እተመጣጠነ ውክልና ዝምልከት መጽናዕቲ ክዛዘም ነይርዎ ንብል። እዚ መጽናዕቲ'ዚ ንኽይካየድ ብዙሕ ዕንቅፋታት'ዩ ክግበር ጸኒሑ። ኣብ'ቲ ጉባኤ ውን፡ ንኽትዕ ዝቐረበ መጽናዕትን ርእይቶታትን ኣይነበረን። እዚ ኣብ ዘይብሉ ኵነታት ብዙሃንን ውሁዳንን ኢልካ ምዝራብ ነነብስኻ ንምዕጋብ ጥራሕ እንተዘይኮይኑ፡ ፋይዳ ዝርከቦ ኣይኮነን። ዕብየተንን ጽልዋአንን ንጥፈታተንን ኣብ ግምት ከየእቶኻ፡ ኣስማት ናይ ውድባት ጥራሕ ምቝጻር መዐቀኒ ናይ ብዝሒ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ ተመኵሮና ውን፡ ኵላትና ማዕረ ኢና ብማዕረ ንወከል ዝብሉ ውድባት፡ ኣብ ምኽፋል ወርሓዊ ውጽኢት ዓቕሚ የብልናን፡ ክንዳኹም ክንከፍል ኣይንኽእልን ኢና ዝበሉ፤ ገሊኦም፡ ኣብ ድሮ ጉባኤ ክኸፍሉ ዝተጓየዩ፤ ገሊኦም ክሳዕ ሕጂ ዕዳኦም ዘይከፈሉ ውን ተራእዮም ኢዮም።

እቲ ካልኣይ ናይ ብዝሕን ዋሕድን መዐቀኒ ናይ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ድምጺ ናይ ህዝቢ ዝስምዓሉ መስርሕ ናጻን ፍትሓውን ዲሞክራስያዊ ምርጫታት ኣብ ዝካየደሉ እዋን ምኧኑ ርዱእ ኢዩ። እዚ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘይፍጸም ሕልሚ'ዩ ኰይኑ ዘሎ። ዝኾነ ኰይኑ ግን፡ መን'ዩ ብዙሕ፡ መንከ'ዩ ውሑድ፡ ንህዝብና ይስወሮ'ዩ ዝብል ጥርጣረ ይኹን ግምት የብልናን። ኣብ'ቲ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕካ፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቓልሲ፡ እቶም ብዙሃን ኢና ኢሎም ዝኣምኑ ብዙሕ ክሰርሑ፡ እቶም ውሁዳን ድማ፡ እታ ዝኽእልዋ ዓቕሚ ከወፍዩ ጥራሕ ኢና ንምነ።

# መብርሂ ካብ ቤት ጽሕፈት ዜና
# ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)

ኣዝዩ ዝተጠማዘዘ ሓቅታት ቈይቍን ዝበዝሖን ብጉጅለ 7 ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተጻሕፈ መግለጺ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣልናህዳ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ተለጢፉ ርኢናዮ። ድሕር'ቲ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ምምራጽ ዝተጋህደ ፍልልይ ዝተፈጥረ ወጥርታት፡ እቲ ሃዋህው ክሃድእ ጀሚሩ ዝብል እምነት ኣብ ዝሓዝናሉ እዋን፡ ምናልባት ድኣ፡ ሃዲኡ ኢልና ምሕሳብና ተጋጊና ከይንነብር እምበር፤ ከም'ዚ ዝበለ መግለጺ ክወጽእ ኣይተጸበናዮን። እዚ ህድኣት'ዚ፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጋግ ንምጽባብ ዘኽእል ናይ ልዝብ ዕድል ክኸፈት'ዩ ዝብል እምነት ስለዝነበረና ድማ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስን እተኻየደ ርክብ ሓንጐፋይ ኢልና ኢና ተቐቢልናዮ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ነዚ ዘየቀራርብ መግለጺ'ዚ ዘውጽእ ኣካል እምበኣር፡ ኣብ ምጽባብ ናይ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጋግ ረብሓ ዘለዎ ኣካል ኣይመስልን ኢዩ።

እቲ መግለጺ፡ ንዓና ንኤዲኪ-1፡ ተፈንጨልቲ ኢሉ ምኽሳሱ ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ተፈንጫሊ ዝብሃል፡ ከም'ቲ ጉጅለ 7 ዝገበሮ፡ ነቲ ቅዋም ወይ ህንጻ ሕጊ ምስ ረብሓኡ ዘይሰማማዕ ኰይኑ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ካብ'ቲ ተጠርኒፍሉ ዝነበረ ክሊ ጥሒሱ ክወጽእ ንዝፍትን ኣካል ጥራሕ ኢዩ። ምፍንጫል እምበር ብክንደይ ዝበዝሐ ተፈንጪሎም ዘይኰነስ፡ ብመን'ዩ ተፈንጪሉ፡ መን'ዩ ንሕጊ ጥሒሱ ኢዩ ክግለጽ ዘለዎ። ስለ'ዚ፡ ጉጅለ 7፡ ንኣቦ መንበር ዝሓጸየቶ ባእታ፡ ክንደይ ኣፍርዩ ወይ ኣየፍረየን ብዘየገድስ፡ ብመሰረት ቅዋም ኤዲኪ ክዕወት ስለዘይከኣለ ኢያ ንሕጊ ጥሒሳ ክትፍንጨል መሪጻ። ነዚ ግጉይ ስጉምቲ'ዚ ሓቅነት ዘለዎ ንምምሳል፡ ኣብ'ቲ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘጽደቖ ውሳኔታት ዘየለ ሕግታት ክትምህዝ ውን ተራእያ። ኣብ ማህደራት ኣሎ ኢሎም ምዝራቦም ድማ፡ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ኢዩ። እንተልዩ ድማ፡ ኣብ'ቲ ቅድሚ ውሳኔ ምውሳድና ኣብ ክትዕ ዝነበረ ርእይቶ ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዝኽእል።

ካልእ ኣብ'ቲ መግለጺ ወይ ኣዋጅ ተጠቒሱ ዘሎ ክሲ፡ እቲ ናይ ምፍንጫል ሓሳብ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ዝነበረ'ዩ ዝብል ኢዩ። እቲ ዘቕረቦ ኣብነታት ግን፡ ምጉጅጃል ከምዝነበረ ንምርኣይ ዝሕግዝ ኣይኮነን። ኣብ'ዝን ኣብ'ትን ከከም ኩነታቱን ከከም ቦታኡን ዝግበር ምውህሃዳትን ምቅርራባትን እንተደኣ ነይሩ ከኣ፡ ባህርያውን ልሙድን ነገር ደኣ'ምበር ብጉጅላውነት ዘኸስስ ኣይኮነን። ኣብ መንጐ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኣብ ፍራንክፈርት ብ2004 ዓም ርክብ ተገይሩ ምንባሩ ድማ ዝዝከር ኢዩ። ድሒሩ ድማ፡ ፈደራላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ለንደን ከምዝተሓወሶ ዝዝከር ኢዩ። ስዒቡ፡ ምንቅስቓስ እስላማዊ ድሕነትን እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራን (እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ) ውን ኣብ ካርቱም ተጸንቢሮሞ። በዚ ድማ፡ እቲ ብ3 ውድባት ዝጀመረ ርክባት ናብ 6 ውድባት ዝተሳተፍዎ ርክብ ተሰጋጊሩ፡ ነዚ ሕጂ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተባሂሉ ዝፍለጥ ሓድሽ ጽላል ክውን ኣብ ምግባር ወሳንን መሰረታውን ተራ ምጽዋቱ ድማ ዝከሓድ ኣይኮነን። እዚ ምሕዝነታት'ዚ ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ብመሰረት እቲ ዝለዓል ጉዳያት ይቀያየር ነይሩ ኢዩ። እዚ ድማ፡ ምስ ኣከዋውና ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝምድና ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑ ብሩህ'ዩ ዝመስለና። ኣብ'ዚ መወዳእታ እዋን ከኣ፡ ብጉዳይ ዓንቀጻት 4ን 5ን ብዝምልከት፡ ክመሓየሽ ኣለዎ ዝብልን ክመሓየሽ የብሉን ዝብል ክልተ ርእይቶታት ወይ ብሎካት ተፈጢሩ ኢዩ። ነዚ ፍልልያት'ዚ ክንሰግር ዝኽእልና ድማ፡ ብሄራዊ ውድባትን እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስን ዝሓዝዎ ሓድሽ መርገጺት ኣብ'ቲ ጉባኤ ስለዝተጋህደ ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ፡ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ክሰጋገር ብገለ

ውድባት ዝቐረበ ጠለብ፡ ከም'ቲ ኣብ'ቲ ኣዋጅ ናይ ጉጅለ 7 ተጠቒሱ ዘሎ፡ ጉባኤታተን ንምድላው እኹል ግዜ መታን ክረኽባን፥ ንስርሓት ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምድስካልን ኣይነበረን። እንታይ ደኣ፡ ብመሰረት ውሳኔ ማእከላይ መሪሕነት፡ ነቲ ኣብ ቻርተርን ቅዋምን ኪዳን ዝነበረ ፍልልያት መፍትሒ ዝኸውን ሓሳባት ንምርካብ፤ ከምኡ ውን" ንጉዳይ መጠናዊ ውክልናን ኣገባብ ቃልስን …ወዘተ መጽናዕትታት ንምድላዉን፤ ጉባኤ ዝብል ዝለዓለ ስልጣን ንምትእትታውን ኢዩ ነይሩ። ውጽኢቱ ድማ ኣወንታዊ ነይሩ። ማእከላይ መሪሕነት ከኣ፡ ክሳዕ ጉባኤ ዝግበር፡ እቲ ዝነበረ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ከምዘለዎ ክቕጽል እምነቱ ኣንቢሩሉ ከምዝሓለፈ ዝዝከር ኢዩ።

ኣብ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ከኣ፡ እተን 7 ውድባት፡ ሓደ ብሎክ ፈጢረን ኣብ ጉድኒ እቲ ቀዳማይ ይኹን ካልኣይ ሕጹየን ከም ሓደ ኣካል ኰይነን ደው ክብላ ተራእየን ኢየን። እዚ ግን ብርእይቶና ጌጋ ወይ ዒብ ኣይኰነን። እቲ ዒብ፡ ንህንጻ ሕጊ ናይ ኪዳን ምጥሓስን፤ ናይ ተቓወምቲ ሓይልታት ሓድነትን ውህደትን ኣብ ዝጥለበሉ መድረኽ፡ ንፋስ ክኣትዎ ኣሕሊፍካ ምሃብን፤ ነቲ ኩሉ ዘቕረብናዮ መፍትሒታት፡ ንኣብነት ተጋ/ሓሰን ዓሊ ኣሰድ፡ ኣባል መሪሕነት ተሓኤ፡ ነዚ መድረኽ'ዚ ክመርሓና ዘኽእሎ ዓቕምታት ኣለዎ ዝብል ርእይቶ ዝሓዘለ መፍትሒታት ምንጻግን፤ ብመሰረት ዓንቀጽ 7.መ, ህንጻ ሕጊ ኪዳን ¾ ድምጺ ከምጽኡ ኣብ ዘይከኣልሉ እዋን፡ ንሕና ኣብዝሓ ድምጺ ኣሎና፡ ብተራ ብዝሒ ድምጺ ማለት ብ50% +1 ካብ'ቶም ዘቕረብናዮም ሕጹያት ክንመርጽ ኢና፤ በዚ ዘይሰማማዕ ካብ'ዚ ኣኼባ ይውጽኣልና ብምባል፡ ነቲ ኩሉ ዘቕረብናሎም መፍትሒታትን መጠንቀቕታት ናይ ክፍጠር ዝኽእል ሓደጋታት ናይ ምፍንጫልን ዕሽሽ ምባሎም ኢዩ።

ካብ ቅልውላውን ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ናይ'ቲ ብጉጅለ 7 ዝተወሰደ ውሳኔ ንምድሓን ኢልና ዘቕረብናዮም መፍትሒታት ወጺእና፡ እስከ፡ ገለገለ ሕቶታት ክነቕርብ ኣፍቅዱልና። ነቲ ብምጽንባር ናይ ሽዱሽተ ድምጺ ዝነበሮም 3 ውድባት ዝተመስረተ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንምትብባዕ 4 ድምጺ ንሃቦም ዝብል ርእይቶ ምስ ኣቕረብና፡ ርእይቶ ናይ ገለገለ ውድባት ናይ ጉጅለ 7 እንታይ ነበረ? ዶክተር ሃብተ ተስፋማርያም ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ከይተወድአ ስለዝኸደ፡ ብዶክተር በየነ ኪዳነ ምስ ተተክአ፡ ብሓው ሑሴን ኽሊፋ ዝቐረበ፡ ዶክተር በየነ ኪዳነ ክሳተፍ የብሉን ዝብል ርእይቶ እንታይ'ዩ ትርጉሙ? ሓውና ሑሴን፡ ኣብ ድምጽታት ናይ ምድማርን ምጉዳልን ዓሚቕ ሓሳብ ኣትዩ ስለዝነበረ ድዩ፡ ነቲ ወከልቲ ውድባት ብጉባኤ ናይ ኪዳን ዘይኰነስ፡ ብውድቦም ኢዮም ዝምረጹን ዝትክኡን ዝብል ውሳኔ ከይሰምዮ ሓሊፉ? እዚ ንገዛእ ርእሱ፡ ሑሴን ኽሊፋ፡ ከም ኣቦ መንበር ኰይኑ ንኽቕጽል ሕቡእ ኣጀንዳ ዘለዎ ምትእኽኻብ ኣብ'ቲ ጉባኤ ምንባሩ ኣይእምትን'ዶ? እዚ ግቡእ ሕቶታት ኢዩ፤ ኣንባቢ ባዕሉ መልሲ ክረኽበሉ ድማ ንገድፎ።

ኣብ ልዕሊ ቀዳማይ ወገን ኤዲኪ ዝተዘንዘረ ኣቐዲሙ ዝተጠንሰ ናይ ምፍንጫል ውዲትን ጉጅላዊ ምትእኽኻብን ነይሩ ዝብል ክስታት ካብ ሓቂ ኣዝዩ ዝረሓቐ ኢዩ። ከምኡ ዝብል ዕላማን ድሌትን ነይሩ እንተዝኸውን፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፡ ክልተ ድምጺ ጥራሕ ክውሃቦ ኣይምተቐበለን፡ 6 ድምጺ'ዩ ዝግብኣኒ ኢሉ ምደረቐ፤ ከምኡ ውን፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ኣብ ዕብየት ዝተመርኰሰ መጠናዊ ውክልና፡ ነፍስወከፍ ውድብ ሓደ ወይ ማዕረ ድምጺ ይሃልዎ ዝብል ርእይቶ ናብ ሸማግለ መጽናዕቲ ጉባኤ ኪዳን ኣይመቕረበን። እዚ ውን፡ ደቂቕ ዝኾነ ፍልልያትና እንዕቅነሉ መለኪዒታት ስለዘየለ ደኣሉ እምበር፥ ፌደራላዊ ምንቅስቓስ፡ ብደረጃ ዕብየቱ ማዕረ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከምዘይኰነ ጠፊእዎ ኣይኰነን። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እንተኾነ ውን፡ ካብ'ቲ መጠናዊ ውክልና ዝብል እምነቱ ሕድገት ኣይምገበረን። እዚ ኩሉ ሕድገታት ዝሕብሮ ነገር እንተልዩ፡ ብሓደ ናይ ምኻድ ድሌት ከምዝነበረ ጥራሕ ኢዩ። እዚ ሓቅታት'ዚ፡ ነቲ ቅድሚ ዓመት ኣቢሉ ናይ ምፍንጫል መደብ ነይርዎም ዝብል ክሲ ሓቅነት ዘይብሉ ምኻኑ

ዘረጋግጽ ብቑዕ ጭብጥታት ኢዩ።

እቲ ኣዋጅ፡ ጉጅለ 7 ሕድገታት ከምዝገበረ ይጠቅስ፡ ብኣብነታት ግን ኣየሰነዮን። እዚ ይኹን እቲ ግን፡ መንጕኛታት ብፍላይ ድማ ኢትዮጵያውያን ክዓርቁና ሓቲትና፡ ግን ኣይተቐበሉናን ዝብል ክሰም ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ውን፡ ኢትዮጵያውያን ዝረኸቡና፡ ናይ ክልቴና ርእይቶ ክሰምዑ ዝወሰድዎ ተበግሶ ደኣ'ምበር፡ ብናትና ይኹን ብናይ'ቲ ካልእ ሸነኽ ጠለብ ኣይነበረን። ኣብ'ዚ ርክብ'ዚ ድማ፡ እቲ ዘጋጠመ ፍልልይ ከምዘሕዘኖምን፥ ንኽልቲኡ ሸነኻት ብማዕረ ከምዝርእዩን ኢዮም ኣረጋጊጾምልና።

እቲ ብልዕልነትን ኣንነትን ዝገልጸና ክስታቶም ብዝምልከት ግን፡ ኣብ ኣእሙሮኦም ዘሎ ሕማም እንተዘይኰይኑ፡ ሓቅነት ዘለዎ ኣይኰነን። እዚ ከኣ ንዕኦም ዝምልከት ሽግር ኢዩ።

እዚ መግለጺና'ዚ ከነውጽእ እተገደድናሉ ምኽንያት፡ ነቲ ብጉጅለ 7 ዝተሰንዘረልና ክስታትን ተንኰላትን ንምቅላዕ ድኣ እምበር፤ ርእይቶታትና ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኪዳን ዝተጋህደ ፍልልይ እንተኾይኑ፡ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ኣዋጅና ብዝርዝር ኣብሪህናዮ ምንባርና ዝዝከር ኢዩ።

ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጋግ ንምጽባብን ነቲ ሾነታት ናብ ባህርያዊ ቦታኡ ንምምላስን እቲ ቅኑዕ መሳርሒ፡ ህዱእ ልዝብ ጥራሕ ምክያድ እምበር፥ ከም'ቲ ጉጅለ 7 ዝብሎ፡ ንኣተረጓግማ ናይ'ቲ ፍልልይ ዘምጽአ ዓንቀጻት ንምንጻር ዝግበር ህጹጽ ጉባኤ ኣይኰነን ዝብል እምነት'ዩ ዘሎና። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ሓደ ተረድኦ ክንመጽእ ከምዘይንኽእል ርዱእ ኢዩ። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ንሕና ከምዘይንሰማማዕ፡ ካብ'ቲ ¾ ዝብል ኣብ ቅዋም ኪዳን ሰፊሩ ዘሎ ዓንቀጽ ፈልከት ከምዘይንብል ተረዲኡ ኣብዮምና ንምባል ዘበገሶ ሓሳብ እንተዘይኰይኑ ካልእ ትርጉም የብሉን። ምኽንያቱ ድማ፡ ምሕዝነት ወይ ልፍንቲ ናይ ብዙሓት ዝተፈላለየ ርእይቶ ዘለዎም ውድባት፡ ብባህርያቱ ብሓባራዊ ወይ ጥቓ ሓባራዊ ስምምዕ እንተዘይኰይኑ ብ50% +1 ዝብል ውሳኔ ክሰርሕ ከምዘይክእል ርዱእ ኢዩ። እቲ ኣብ ቅዋም ኤርትራዊ ዲሞክራስዴዊ ኪዳን ኣብ ዓንቀጽ 7.መ ሰፊሩ ዘሎ ¾ ዝብል ውሳኔ ድማ ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ኢዩ ዝብገስ። እዚ ድማ፡ ንኹሉ ማእከላይ መሪሕነት ዘሕልፎ ፖለቲካዊ ውሳኔታት እንተላይ ምምራጽ መሪሕነት ዝገዝእ ወይ ዝምልከት ሕጊ ኢዩ። ምምራጽ መሪሕነት ንባዕሉ ርእሱ ፖለቲካዊ ውሳኔ ምዃኑ ድማ ዘካትዕ ኣይመስለናን። ምምራጽ መሪሕነት ፖለቲካዊ ውሳኔ ኣይኰነን እንተደኣ ተባሂሉ ከኣ፡ እንታይ ምዃኑ ክብርሁልና ንጽበ።

ንሕና፡ ነቲ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተፈጢሩ ዘሎ ጋግ ንምጽባብ፡ ሓደ ሰዓራይ ሓደ ተስዓራይ ዝኾነሉ ስምምዕ ዘይኰነስ፥ ኵሉ ሰዓራይ ኰይኑ ኣብ ዝስምዓሉ ስምምዕ ንምብጻሕ ህዱእ ልዝብ ንምእታው ድሉዋት ኢና።

## መሰረታዊ መቐሚታት
## ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቶም ንብዙሕ ዓመታት ንውድባት ኪዳንን ስዓብቱን ከስሓሕቡ ዝጸንሑ ንጉዳይ ሽሪዓን ብሄራትን ዝምልከቱ ዓንቀጻት፡ ናይ እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን ተዓቅቦ ገዲፍካ፡ ብምሉእ ስምምዕን ምርድዳእን ኣመሓይሽዎ። እዚ ተመሓይሹ ቀሪቡ ዘሎ ቻርተር'ዚ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝጻረሩ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ሲቪላዊ ማሕበራትን፡ ኮታ መላእ ህዝብና ኣብ ትሕቲኡ ከጽልልን ክዓስልን ዝዕድም ምዕቡል ቻርተር ስለዝኾነ፤ ዓብዪን ታሪኻውን ዓወት'ዩ ዝቝጸር። ኣብ መጻኢ ውን፡ ብዝያዳ እናማዕበለን እናዓመቔን ክኸይድ ትጽቢት ናይ ኩሉ ኣብ ዲሞክራስን ሰላምን ብልጽግናን ረብሓ ዘለዎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እቲ ኣብ ምቛም መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘጋጠመ ፍሽለት፡ ነቲ ቻርተር ኣብ ምምሕያሽ ዝተመዝገበ ዓወት ብመጠኑ'ኳ ከደብዝዞ እንተኽኣለ፤ ጠሪሱ ክዓጽሮን ንድሕሪት ክመልሶን ከምዘይክእል ግን ርዱእ ክኸውን ይግባእ። ምኽንያቱ ድማ፡ ሓንትስ እንቋዕ ደኣ ህዝቢ ዝዓስለሉ ቻርተር ጸደቐ እምበር፡ ህዝብና መራሕቲ ከምዘይስእንን፤ ውዒሎም ሓዲሮም ናይ ለውጢ ሓይልታት ክዕወቱ ታሪኻዊ ግድነት ምኻኑ ብርግጽ ስለ እንፈልጥን ኢዩ።

እቲ ሕጂ ካብ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝጥለብ እምበኣር፡ ነዚ ዝኸተምሉ መቐሚታትን መበገሲታትን ቃል ብቓሉ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ካብኦም ትጽቢት ዝግበረሉ ቃልስታት ከካይዱ፤ ህዝቢ ድማ፡ መን ንቻርተራቱን ቅዋማቱን እሙን ኰይኑ ንምዕዋቱ ይቃለስ ኣሎ? መን'ከ ኣንጻሩ ይሰርሕ ኣሎ? ክከታተልን ክቀጻጸርን ከለልን ሓላፍነቱ ምኻኑ ክግንዘብ ኢዩ። ኣቲናዮ ዘሎና ናይ ዲሞክራሲ መድረኽ፡ ኩሉኹም ደቅና፡ ኩሉኽም ጽቡቕ ወይ ኩሉኹም ሕማቕ ኣለኹም ዝብሃለሉ መድረኽ ኣይኮነን።

እንታይ ደኣ፡ ነቲ ቅኑዕን ሓቀኛን ኣለሊኻ ምድጋፉን ምሕያሉን፤ ነቲ ግጉይ ድማ፡ ምእራሙን ምግሳጹን'ዩ ዝድለ። እዚ ምስ ዝግበር እዚ ቅዱስ ዕላማታት'ዚ ኣብ ወረቐት ጥራሕ ሰፊሩ ክተርፍ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ኣእሙሮ ናይ ህዝብን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ሰሪጹ፤ ክዕገት ናብ ዘይኽእል ነገራዊ ናይ ለውጢ ሓይሊ ክቕየር ምኻኑ ርዱእ ክኸውን ይግባእ።

ካብ 15-20 ለካቲት 2007 ኣብ እተኻየደ ካልኣይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ'ዞም ዝስዕቡ እምነ-መሰረት ወይ ዓንደ-ማእከላት ዝተሰረተ ቻርተር ኢዩ ኣጽዲቑ።

ቀዳማይ፡- ኣብ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን ሉዓላዊነት ናይ'ቲ ብኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዝተኣመነሉ ዶባትን፤
ካልኣይ፡- ኣብ ዲሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ግዝኣተ-ሕግን፤
ሳልሳይ፡- ኣብ ብዙሕነት ናይ ፖለቲካን ሃይማኖትን ብሄርን ቋንቋን ምእማንን፤ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ምኽባርን፤ ከምኡ ውን፡ ትግርኛን ዓረብኛን ወግዓውያን ቋንቋታት ምኻኖም ምቕባልን፤
ራብዓይ፡- ኣብ ምክፍፋልን ናጽነትን ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ስልጣናትን ዝተመርኰሰ፡ ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓት-ምምሕዳር ምህናጽን፤
ሓሙሻይ፡- ኣብ ሰላምን ምትሕግጋዝን ሓባራዊ ረብሓን ዝተሰረተ ዝምድናታት ምስ ጐረባብቲ ኣህዛብን ሃገራትን ምምስራትን፤ ኣህጉራዊ ውዕላትን ቻርተራትን ምኽባርን ዝብል ኢዩ።

# ዜናዊ ጾብጻብ

## ኪዳናዊ ንጥፈታት

### 1. ኣኼባ መራሕትን ካድራትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን-1 ኣብ ኣዲስ ኣበባ

ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ-1ን፡ ብጻይ ዶክተር በየነ ኪዳን፡ ኣባል ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ-1ን ዝመርሕዎ ናይ መራሕትን ካድራትን ኣኼባ ብዕለት 07.03.207፤ ናይ መሰረታት ኣኼባ ድማ ብዕለት 11.02.2007 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ብዛዕባ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ቻርተሩን፤ ከምኡ ውን፡ ምስ ቅዋም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብምትእስሳር፡ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዝተፈጥረ ቅልውላውን ብክልቲኡ ሸነኻት ዝተታሕዙ መርገጺታትን ዝቐረቡ ፍትሓትን ሰፊሕ መግለጺ ቀሪቡ። ነቲ ኣኼባ ዝመርሑ ዝነበሩ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነትን፤ ኣብ ጉባኤ ተሳቲፎም ዝነበሩ ወከልትን ድማ፡ ነቲ ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበ ሕቶታት መልስን መብርህን ሂቦም። ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረበ ርእይቶታት ድማ፡ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነትን ዝወሰድዎ ስጉምታትን ነቲ ጋግ ንምጽባብ ዘቕረብዎም ፍትሓትን ዝምጉሱን ዝንኣዱን ምንባሮም ዘረጋግጹ ነበሩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነት፡ ብጾት መንግስተኣብን ዶክተር በየነን፡ ኣባላት ሰለስቲኡ ውድባት፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላው ብሓላፍነታዊ ኣገባብን ከም'ቲ ዝነበረ ክውንነትን ጌሮም ክገልጹን፤ ካብ ጸለመን ጸርፍን ምንህሃርን ክርሕቑን፤ ኣትኵሮኦም ኣብ'ቲ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕን ንቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ምብራህን ዘትኰረ ክኸውን ከምዘለዎ መምርሒ ሂቦምን ነቲ ኣኼባ ዛዚምዎ።

### 2. ምኽትል ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ ንኣባላት መሪሕነትን ካድራትን ሰልፊ ዲሞክራስን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ኣብ ካርቱም መብርሂ ሂቡ

ብጻይ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብ22 መጋቢት 2007 ኣብ ካርቱም ን40 ዝኾኑ ኣባላት መሪሕነትን ላዕለዎት ካድራትን ናይ'ቲ ቀዳማይ ወገን ኤዲኪ ብዛዕባ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዝተፈጥረ ቅልውላው መብርሂ ሂቡ።

ምኽትል ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ከይዲ ናይ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እተሰላሰለ ጉባኤን ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነትን ብዝርዝር ገሊጹ። ጠንቂ ናይ'ቲ ቅልውላው ድማ፡ እቲ ንክልተ ዓመታት ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኰይኑ ዝጸንሐ ባእታ፡ ካብ ቦታኡ ክወርድ ዘይምድላዩን፤ ንሳልሳይ ዓመት ክምረጽ ኣትሪሩ ስለዝደፍኣን ምዃኑ ኣብሪሁ።



ብጻይ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ ብብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣባል ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ፤ ብብጻይ ሓጅ ዓብደል ኑር፡ ሓላፊ ህዝባውን ማሕበራውን ጒዳያት ግዝያዊ መሪሕነት ኤዲኪ፤ ከምኡ ውን፡ ንውድባቶም ወኪሎም ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተሳቲፎም ዝነበሩ ብጾት ማሕሙድ ዑመርን መሓመድ ኣደም ኣርትዓን ተሰንዩ'ዩ ነቲ መብርሂ ዘቕረቦ።

ተሳተፍቲ ኣኼባ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ዘጋጠመ ቅልውላው ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብዛዕባ ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ መጻኢ ከሰላስሎም ዘለዎ ዕማማት ውን ኢዮም ተመያይጦም።

ኣኼባ መሰረታት ሰለስቲኡ ውድባት፡ ሎሚ፡ ዕለት 23 መጋቢት ክካየድ መደብ ተታሒዙሉ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

### 3. ግዝያዊ መሪሕነት ኤ.ደ.ኪ-1 ንመሰረታት ሰለስቲኡ ውድባት ኣብ ካርቱም ሰፊሕ ኣኼባ ኣካይዱ



ብዓርቢ 23 መጋቢት 2007 ምኽትል ኣቦ መንበር ኤ.ደ.ኪ-1 መሓመድኑር ኣሕመድ ዝመርሖ፣ ሰፊሕ ኣኼባ መሰረታት ናይ ሰለስቲኡ ውድባት፣ ኣብ ኻርቱም ተኻይዱ። ኣብ ምምራሕ ናይቲ ኣኼባ ተጋ. ወልደሱስ ዓማር ኣቦ መንበር ሰውራዊ ባይቶ፣ ተጋ. ሓጅ ዓብደልኑር ኣባል መሪሕነት ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ናይ ሕብረተሰባዊን ህዝባውን ጉዳያት ሓላፊ፡ ከምኡውን ተጋ. ማሕሙድ ዑመር ኣባል መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ተሳቲፎም ነበሩ። ኣብቲ ኣኼባ፡ ተጋ. ተስፋይ ወልደሚካኣኤል ( ደጊጋ)ን ካልኦት ዓበይቲ መሪሕነታዊ ባእታታት ካብ ሰለስቲኡ ውድባትን ተሳቲፎም ነበሩ።

መራሕቲ ኣኼባ ኣብ መግለጺኦም፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዝተጋህደ ፍልልያትን፡ ዝሰዓበ ምዕባሌታትን ብስፍሓት ገለጹ። ኣብ መግለጺኦም፡ ጉባኤ ብመሰረቱ ነቲ ንዓመታት ከከራኸር ዝጸንሔ ጉዳያት ሽሪዓን ጉዳይ ብሄራትን ከምኡውን ጉዳይ መጠናዊ ውክልና ሓያሎ ሕድገታት ብዘንጸባረቐ መንገዲ ክሰግሮ ከም ዝበቕዐ፡ ዕማማቱ እውን ብዓወት ክዛዝም ከም ዝኸኣለ ገለጹ። ይኹን'ምበር ጉባኤ ድሕሪ ምድምዳሙ ዝተኻየደ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ትጽቢት ዘይተነብረሉ ምዕባሌታት ከም ዝረኣዩ፡ ኣብርሁ። እዚ ምዕባሌታት'ዚ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዘትኮረ ኮይኑ፡ ብሸነኽ ኤደኪ-1 ንምፍታሑ ክሳብ ካብ ሸነኽ ኤድኪ-2 ንኣቦ መንበርነት ሕጹይ ምቕራብ ዝበጽሐ፡ ብዙሕ ሓሳባት እኳ እንተቐረበ፡ ተቐባልነት ስለ ዘይረኸበ፡ ጉዳይ ብሓባር ምቕጻል ናብ ዕጹው መንገዲ ከም ዝበጽሐ ገለጹ።



ሸነኽ ኤደኪ-2 ነቲ ውሳኔ ንምሕላፍ፣ ብመሰረት ቅዋም ኪዳን፣ ዝጥለብ ¾ ጥሒሶም፡ ብተራ ብዝሒ ኣድሚጽና መሪሒና ክንመርጽ ኢና፣ ንስኻትኩም ድማ ወይ ተደጋገፉና ወይ ውጹልና ዝዓይነቱ መርገጽ ምስ ወሰዱ እውን፡ ብሸነኽ ኤደኪ-1 መዋጽኦ ተባሂሉ ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ብማዕረ ቁጽሪ እትውከል ግዜያዊት ሰክረታርያ ክትቀውም፡ ናብ ህጹጹ ጉባኤ ወይ ውን ናብ መጻኢ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ከተብጽሓና ዝብል

ርእይቶ ቀሪቡ ነይሩ እዩ። እዚ መዋጽኦ እውን ተቐባልነት ስለዘይረኸበ ካብቲ ቅልውላው ክውጻእ ኣይተኻእለን። በዚ መሰረት እቲ ንበይኑ ክጕዓዝ ዝመረጸ ሸነኽ ንበይኑ፣ ከምቲ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ደሪቑሉ ዝነበረ፣ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ንሑሰን ኸሊፋ ኣቦመንበሩ ገይሩ ክጕዓዝ መርጸ።

ሰለስቲኡ ውድባት ድማ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃለዋት ንገዛእ ርእሱ ወዲቡ ክንቀሳቐስ ስለ ዝነበሮ፡ ንህልዊ ዕማማት ኪዳን-1 ዘካይድ ግዜያዊ መሪሕነት መሪጹ ይቕጽል ኣሎ፡ ብማለት፡ ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ሰሪጹ ንዝጸንሐ ሕቶታት ክምልስ ብዝኽእል መንገዲ ተገልጸ።

ኣባላት መሪሕነት ኤ.ደ.ኪ-1 መግለጺታቶም ድሕሪ ምድምዳም መድረኽ ሕቶታትን ርእይቶታትን ተኸፊተ'ሞ፡ ተሳተፍቲ ኣባላት ብዕቱብነት ሕቶታቶምን ርእይቶታቶምን ኣቕረቡ።

ካብቲ ዝቐረበ ሕቶታትን ርእይቶታትን፡ ቀንዱ ነቲ መሪሕነት ዘርኣዮ ናይ ፍታሕ ጸዓታት ዝመጉስን፡ እዚ ሰለስተ ውድባት'ዚ በቲ ተተሓሒዝዎ ዘሎ መድብ ክቕጽል ዘተባብዕን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ኪዳን ከም ሓደ ኣካል ክቕጽል ዘይምኽኣሉ ብፍላይ ካልኣይ ሸነኽ ኪዳን ዘርኣዮ ዘይሓላፍነታውን ዘይሕጋውን ተግባራት ዝነቅፍ ነበረ።

## 4. ኣኼባ ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ኣብ ፖርትሱዳን

ዶክተር ማሕሙድ ነጋሽን ብጻይ ማሕሙድ ዑመርን፡ ብዕለት 7 ሚያዝያ 2007፡ ኣብ ፖርትሱዳን ንዝርከቡ ካድራትን መሰረታትን ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ኣኪቦም፡ ብዛዕባ ኩነታት ሃገርና ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተጋህዱ ምዕባለታት ድማ ብፍላይ መብርሂ ሂቦም።

## 5. ርክብ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ምስ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

ብጻይ ዓብደላ ኣደም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ዝመርሖ ልኡኽ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ምስ ጀናዲ ፍረይዘር፡ ምክትል ተሓጋጋዚት ሚኒስተር ንኣፍሪቃዊ ጉዳያት ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተራኺቡ።

ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ኣብ ርክቡ፡ ኣብ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ዘሎ ህልዊ ኩነታትን፤ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያትን ክግበር ዘለዎ መፍትሒታትን፤ ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ ኣብ መንጐ ሶማልን ጐረባብቲ ሃገራትን ዘሎ ዝምድናታትን ሕልኽልኻቱን ዝርዝር መብርሂ ሂቡ።

ብጻይ ዓብደላ፡ ንማእከል ዜና ወሽመጥ ዓረብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ጐረባብቲ ሃገራትን ከቢድ ጸር ኰይኑ ምህላዉን፤ ዓለም ውን፡ ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲ ብህዝብን ተቓወምቲ ውድባትን ኤርትራ ክቐርብ ዝጸንሐ ጠለባት ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጥን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ክርድኦ ጀሚሩ ምህላው ሓቢሩ። ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ሶማልን ካልኦት ጐረባብቲ ሃገራትን ዝገብሮ ዘሎ ምትእትታዋት ውን፡ ንድሌት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኣይኰነን ኢሉ።

## 6. ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ስያትል

ብጻይ ዓብደላ ኣደም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)ን፡ ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ብብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ፡ ወኪል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተሰንዩ ብዕለት 14,04.2007 ኣብ ከተማ ስያትል ሸውዓተ ሰዓታት ዝወሰደ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

ብጻይ ዓብደላ ንህሉዊ ኩነታት ሃገርናን ንሓብ ዝሓለፈ ጉባኤ ኪዳን ዝተረኸበ ኩነታትን ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጹን ምብራሁን፤ ብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ፡ ከኣ ነቶም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ክትዓት ዝለዓሉ ሕቶታትን ኣባሃህላታትን ኣልዒሉ ኣገዳሲ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበሎም ሕቶታት ዘዕግብ መልሲ ሂቦምን፤ ንሃነጽትን ኣተባባዕትን ርእይቶታቶምን ለበዋታትን ሰሚዖምን።

## 7. ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ኦክላንድ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

ብዕለት 14 ሚያዝያ 2007 ዓ.ም. ብጻይ ብርሃነ የማነ (ሃንጀማ) ንኪዳን 1ይ ወገን ወኪሉ፤ ሓፈሻዊ ህሉው ኵነታት ሃገርናን ዞናናን ሓቢሩ ናብቲ ኣውራ ዘተኰረሉ ውጽኢት 2ይ ጉባአ ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ ንኪዳን ቀዳማይ ወገን ሒዝዎ ዘሎ ሃገራውን ደሞክራስያውን መደባት ንምዕዋት ናይ ኵሉ ደገፍ ከምዘድሊ ኣስሚርሉ።

ዳርጋ ኵሎም ኣብ ፖለቲካ ሃገርና ዝነጥፉ ውድባትን ባእታታትን ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም ንመግለጺ ድሕሪ ምስማዕ ዘለዎም ርእይቶታትን ሕቶታቶምን ኣቕሪቦም፡ ርጉእ ሃዋህው ዝዓሰሎ ኣኼባ ነይሩ። ዓቐን ተሳተፍቲ ምስዝሓለፈ ኣኼባታት ብምንጽጻር እዚ ዝበዝሐ ኰይኑ ካብ 70 ንላዕሊ ኔሮም። ብጻይ ብርሃነ፡ ኣብ ስጡምን ልዙብን መግለጺኡ ዘስመረሉ ነጥብታት፡

1. ዓንቀጻት 4,5 ከልግሳ 1ይ ወገን ክምክት ከሎ 2ይ ወገን ግን ዋላ'ኳ ኣብ መወዳእታ ይቀበልዎ፤ ንኸይቅየር መኪቶም'ዮም። እዚ ኣብ መንጎና ሕርኽራኽ ገዲፉ ሓሊፉ።

2. ንጉዳይ መጠናዊ ውክልና ዝምልከት ዝቐረበ መጽናዕቲ ስለዘይነበረ ክንሰማማዕ ኣይከኣልናን፡ ንሶም ኵሉ ብማዕረ ይውከል ኣብዝብል ደረቕም፡ ንሕና'ውን ምእንቲ ሓድነትን ስኒትን ሰጊርናዮ፡ እዚ ግን ቅኑዕ መልእኽቲ ወይ ውሳኔ ከየሕለፈ ተሪፉ።

3. ኣብ ምቛም ፈጻሚ ቤ/ጽ ዘይተጸበናዮ ጸገም ገጢሙና፡ 3/4 ኣብ ህንጻ ካብ ቀደም ኔሩ፡ ዝጸንሐ ተሞክሮና ግን ብምርድዳእ ኣብ ድምጺ ከይተበጽሐ ይፍጸም ኔሩ። 50+1 ተጠቒምና ኣይንፈልጥን።

4. ቻርተር ምምሕያሽ ዓቢ ዓወት'ዩ፡ ንዓቅቦ፡ ብፍሽለት ኣይንምዘኖ። ፍልልያት ምግፋሕን ንድሕሪት ምምላስን ኣየድልን።
ናይ ሰልስቲኡ ውድባት ስጡም ምርድዳእን ጽቡቕ ተበግሶታትን ኣሎ፡ ነብስና ሰሪዕና ብደረጃ ጨናፍር ንነጥፍ ኣለና። ምምዕራይን ጊዜን ዝሓትት ጉዳያት'ውን ስለዘሎ ብትዕግስቲ ከምዝግልጹ ምጽዓር'ዩ ዝብል ነበረ።

## 8. ጨንፈር ኤድኪ-1 ካናዳ ቶሮንቶ ናይ ሓባር መግለጺ ኣውጺኡ

ኣብ ካናዳ ዝርከቡ ጨናፍር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ተ.ሓ.ኤ.ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ካብ ነብሲወከፍ ውድብ ከክልተ ኣባላት ብምውካል ኣብ ቶሮንቶ ካናዳ ብመጋቢት 25/2007 ተራኺቦም ግዜያዊ ሽማግለ መሪጾም፡ ናይ መጻኢ መደባቶም ድማ ተሊሞም። ኣብዚ ሰለስተ ሓለፍቲ ውድባትን፤ ካብ ነብሲወከፍ ውድብ ዝተወከሉ ኣባላትን ዝተረኽብሉ ኣኼባ'ዚ፡ ተረኺቦታት ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ድሕሪ ምግምጋም፤ ብደረጃ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን (1) ዝተወስደ ሓላፍነታዊ ናይ ምእላይ ተበግሶታት ኣሞጉሶም፤ ሕጂውን፡ ሓደ ስሙርን ጥሙርን ኤርትራዊ ኪዳን ንምፍጣር ቀጻሊ ጻዕርታት ክካየድ ጸዊዖ።

## 9. ኣኼባታት ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ኣብ ገዳርፍን ከሰላን

ብጻይ ሓጅ ዓብደልኑር፡ ኣባል ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን)ን ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ዝመርሑን፥ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን፥ ብጻይ

ዑስማን መሓመድ፡ ኣባል መሪሕነትን ወኪልን ሃገራዊ ግንባር ድሕነት ኤርትራ ኣብ ከሰላ፥ ብጸይ ተድሮስ፡ ወኪል ሃገራዊ ግንባር ድሕነት ኤርትራ ኣብ ገዳርፍ ዝርከብዎ ልኡኽ ብዕለት 23ን 24ን ሚያዝያ 2007 ኣብ ገዳርፍን ከሰላን ናይ መሰረታት ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ኣኼባታት ኣካይዶም።

ልኡኽ ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ድማ ብፍላይ ሰፊሕ መብርሂ ኣቕሪቡ። ከምኡ ውን፡ ኣብ መንገጐ ክልተ ሸነኻት ናይ ኪዳን ቀጻሊ ልዝባት ምክያድ፡ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ንምብጻሕ ዝሕግዝ ኣገዳሲ መሳርሒ ምዃኑ ልኡኽ ቀዳማይ ወገን ኪዳን ኣስሚርሉ።

ኣኼባ ብደረጃ ብዝሒ ናይ ተሳተፍቲ ይኹን ብደረጃ ሕቶታትን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣብ ምቕራብ ዝነበረ ተሳታፍነት ኣዝዩ ዕዉት ምንባሩ ተፈሊጡ ኣሎ። እቲ ልኡኽ ፡ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልስታት ኣብ ርእሲ ምሃቡ፥ ንለበዋታት ኣኼበኛታት ድማ፡ ብኡ ንብኡ ናብ መሪሕነት ቀዳማይ ወገን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከምዝበጽሕ ገይሩ።

## 10. ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን-1 ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ

ብጸይ ዓብደላ ኣደም ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ቀዳማይ ወገን) ብጸይ ብርሃነ ሃንጀማ፡ ኣባል መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፥ ብጸይቲ ምሕረት ገረሱስ፡ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፥ ኣለም ዮሃንስ፡ ኣባል መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፥ ዝርከብዎ ልኡኽ ብዕለት 28ን ሚያዝያ 2007 ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ናይ መሰረታት ኤርትራዊ ዲሞክራስይዊ ኪዳንን (ቀዳማይ ወገን) ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ኣኼባታት ኣካይዶም።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ልዕሊ ሚእትን ሓሙሳን ተሳተፍቲ ኣኼበኛታት ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኡን ዝተረኽብሉ ብጾት ዓብደላ ኣደምን ብርሃነ ሃንጀማን፡ ብዛዕባ ኩነታት ሃገርናን፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ህግደፋዊ ጭቆና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ናብራን፥ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኣመልኪቶም፡ ቅድሚ ምክያድ ጉባኤን ድሕሪኡን ዝነበረ ኩነታትን ውጽኢታቱን ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም።

ብጸይ ዓብደላ ኣደም ብዛዕባ ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ኣብ ትሕቲ ህግደፋዊ ጭቆና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ናብራን ኣልዒሉ፡ ኤርትራ፡ ሎሚ ናይ ጃንዳ ህግዲፍ ዓባይ ቤት ማርሰርቲ ኮይና፡ ህዝባ ብዘይ ገለ ፍትሒ ዝምቁሓላ፤ ባኒ ክገዝእ ምሉእ ለይቲ ኣብ መስርዕ (ሪጋ) ኣብ ቀጽርታት እንዳ ፎርኖ ዝሓድረላ፤ ኣብ መስርዕ ሓዲሩውን ስድርኡ ከዕንግለሉ ዝኽእል ዘይረኽበላ፤ ዉላዱ ሃዲሙ ተባሂሉ ሰፍ ዘይብል ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ዝኸፍለላ፤ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ምክልኻል ሃገርን ብዝነብል ምስምስ መንእሰይ ኤርትራ ንዘይተውሰነ ግዜ ነጻ ጉልበቱ ንረብሓ ጎብለላት ህግዲፍ ዘውፍየላን፥ ካብ ትምህርቲ ዓለም ተገሊሉ ፍልጠት ዘይረኽበላን ንኽትባድም ትጽበ ዘላን ሃገር'ያ ኰይና ኣላ። ስለ'ዚ ኢዩ ውን፡ መንእሰይ ኤርትራ ካብዚ ምልካዊ ስርዓት ንኽምልጥ ምድረ-በዳን ባሕርን ጥሒሱ ንስደት ብኣእላፋት ከውሕዝ ዝመረጸ ዘሎ ኢሉ።

ኣብ ዞናዊ መዳይ ከኣ ህግዲፍ ብዝኽተሎ ዘሎ ኣዕናዊ ፖሊሲ ንኤርትራ ካብ ዓለምና ነጺሉ ኣብቲ ዞናና ብናይ ግርጭት ጻሕታርነት ከም እትፍለጥ ገይሩዋ። ባህርያት ህግዲፍ ኢድ ኣእታውነትን ህውከት ምፍጣርን ስለ ዝኾነ ኣብ ምብራቕ ሱዳንን ዳርፉርን፡ ከምኡውን ኣብ ሶማሊያ ብሂወት መንእሰያት ይጣላዕ ኣሎ። ህግዲፍ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ንካልኦት ሃገራት ብኢድ ኣእታውነት ክኸስስን ካብኡ ሓሊፉ ክጻረፍን ክንናፈጥን፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ባዕሉ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ካልኦት ኢድ ከእቱን ይርኤ ኣሎ ክብል ኣቃሊዕዎ።

ቀጺሉ፡ ብዛዕባ ጠቕላላ ጉባኤ ኤርትራዊ

ዲሞክራስይዊ ኪዳን ኣመልኪቱ፡ ጉባኤ ኩሉቲ መሰናኽላት ኣብ ከባቢ ቻርተር ቍጽሪ ሰለስተን ኣርባዕተን ዝነበረ ግቡእ መዕለቢ ገይሩ ዕዉት ጉባኤ ኣሳላሲሉ ከብቅዕ፥ ኣብ ምምራጽ ኣቦ-ወንበር መሪሕነት ብዝተፈጥረ ቅለውላው ኪዳን ኣብ ክልተ ግናዕ (ብሎክ) ክምቀል ኣሕዛኒ ምንባሩ ገሊጹ። ከም'ቲ ንሕናን ህዝብናን እተጸበናዮን እተመነናዮን ስለዘይኮነ ከኣ፡ ብፍላይ ነቶም ኣብ ውሽጡ ኣቲና እንዋሳእ ዘሎና ኣዝዩ መሪር ነይሩ ኢሉ። ነዚ ዘይተጽበናዮን ዘይተዳለናሉን ቅልውላው'ዚ ንምስጋር፡ ብቀዳማይ ወገን ብዙሕ ጻዕርታትን ሕድገታትን'ኳ ተገይሩ እንተነበረ፤ በቲ ካልኣይ ሸነኽ ግን፡ ተቐባልነት ኣይረኸበን። ንሕና፡ ብዘይካ ነቲ ጉባኤ ምዕዋት እንተዘይኰይኑ፡ ካልእ ሕቡእ ዕላማታት ኣይነበረናን" ኢሉ። ውድባት ኪዳን ብሓፈሻ፡ እቲ 6 ድምጽታት ዝነበሮ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ድማ ብፍላይ፡ ማዕረ ድምጺ ክህልወና ምቕባልና ንምዕዋት ናይ ጉባኤ ዝነበረና ድሌት'ዩ ዘንጸባርቕ። ዋላ፡ እቶም ብሓደ ዝውከሉ ዝነበሩ ውድባት ብክልተ ክውከሉ ምቕባልና ድማ፡ ንምዕዋት ናይ ጉባኤ ዝነበረና ጽቡቕ ድሌት ኢዩ ዘመልክት።

ሰለስተ ውድባት ናይ ኤዲኪ-1 ዘቕረቦ መፍትሒታት ብዝምልከት ከኣ፡

1. ሓው ሓሰን ዓሊ ኣሰድ፡ ኣባል ናይ'ቲ ካልኣይ ወገን፡ ኣቦ መንበር ክኸውን፤
2. ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ብማዕረ ዝተወከሉ ኣባላት ዘለውዎ፡ ብኣቦ መንበርነት ናይ'ቲ ካልኣይ ወገን እትምራሕ ሰክረታርያ ክትቐውም፤
3. ብኣቦ መንበርነት ናይ ሰልፊ ናህዳ Aትምራሕ ሰክረታርያ ክትቀውም፤

ዝብል ክኸውን ከሎ፥ እቲ ካልኣይ ወገን ግን፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብ50%+1 ማለት ብተራ ብዝሒ ድምጺ'ዩ ክምረጽ ዘለዎ ንሕና ወሲና ኢና ካባኹም ምትሕብባር ጥራይ ኢና ንሓትት ብምባል ነቲ ናይ ምርድዳእ መስኖ ለኰቶ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ድርቅና'ዚ ድማ፡ ኪዳን ኣብ ክልተ ወገናት (ብሎካት) ክኽፈል ግድን ኰነ ክብል ኣብሪሁ።

ብድሕር'ዚ፡ ብጻይ ብርሃነ ሃንጀማ ንኣገባብ ኣመራርጻ ኣቦ ወንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ምምራጽ ዝተጋህዱ ዕንቅፋታትን ብዕምቈት ኣብሪሁ። ንሕግታትን ቅዋምን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝምእዘዝን እቲ ልሙድን ዝበለጸ ኣገባብን ኩሉ ኣባል ዝተሳማማዓሉ ውሳነ(ኮንሰንሱስ) እዩ። እዚ ምስ ዘይዕወት ከኣ ኪዳን እዚ ዝስዕብ ካብ ቅዋማቱ ይኽተል፡

1. 50% +1 ካብ ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ንህጹጽ ኣኼባ ይጽውዑ።
2. ክልተ ሲሶ (2/3) ካብ ኣባላት መሪሕነት ምስ ዝርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይረጋገጽ።
3. ሰለስተ ርብዒ (3/4) ድምጺ ውሰነታት ይሓልፍ (ኣንተላይ ምምራጽ ኣቦ ወንበር) በለ።

ኣስዒቡ፡ ብ50%+1 ኢና መሪሕነትና ንመርጽ ዝብልን፡ ብኡ መሰረት ውን መሪሕነቱ ዝመረጸን ካልኣይ ወገን ግን፡ ብዛዕባ ኣብ ቅዋምና ዘየሎ ሕጊ'ዩ ዝዛረብ ዘሎ ኢሉ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ተመኩሮና ብ50%+1 ኢና መራሕትና ንመርጽ ኔርና ዝብል ኣበሃህላ ሓቅነት ዘለዎ ኣይኰነን። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቅዋም፡ ዝኾነ ይኹን ውሳኔ ወይ ሕጹይ ሰለስተ ርብዒ (3/4) ድምጺ ክረክብ ከምዘለዎ ኣጽዲቑ ኢሉ። በዚ ሕጊዚ ከኣ ተማእዚዝና ክንከይድ ይግባእ። ካብ ሕጊ ኪዳን ወጻኢ ምጕዓዝ ግን ምግምማዕ ከምዘኸትል ንማንም ክርድኦ ዘጸግም ኣይኮነን። ነዚ ብንሓፍነት ምሕላፍ ማለት ድማ፡ ኣብ ኪዳን ንዲታቶርነት ቦታ ምጥጣሕ ማለትዩ። ነዚ ዘይሕጋዊ ጉዕዞ ከይኣለና፡ ኣንጻር ዲክታቶርነት ክንቃለስ ኣይንኽእልን ኢና ክብል መብርሂ ሂቡሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ናይ ሕቶትታን ርእይቶታን ለበዋታትን ምቕራብ ዕድል ንኣኼበኛታት ተዋሂቡ። ገለ ካብ'ቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ድማ፡

1. ኣብ ዶባታትና ዘሎ ምፍሕፋሕ ኣብ

ዝለዓለ ጥርዙ ዝበጽሐ ይመስል ፡ ኩናት ከይባራዕን፡ እንአተተባርዐ ድማ እትጸወትዎ ግደ ኣሎዶ?

2. ብባህርያውን ዘይባህርያውን ምኽንያታት ህግደፍ ምስ ዘልግስ ሃንፍ ከይፍጠር ዝተዋደደ ምርጫታት ኣሎዶ?
3. ጎረቤት ሃገር ካባና እንታይ ይጽበ? ንሕና"ኸ ካብኡ እንታይ ንጽበ? ነዚ ዝምልከት ደንበ ተቓውሞ ዝበጽሖ ስምምዓት ኣሎዶ?
4. ኪዳን ቀዳማይ ወገን ከም ሓደ ብሎክ ኮይኑ ክዓዪ ስለዝተሳማምዐ ድዩ ኣብ ሓደ ብሎክ ኮይኑ ዘሎ?

መራሕቲ ኣኼባ ንዝቐረበሎም ሕቶታት ብግቡእ ድሕሪ ምምላስ፤ ካብ ህዝቢ ንዝቐረበሎም ርእይቶታትን ለበዋታትን ሰሚያም። ገለ ካብ'ቲ ዝቐረበሎም ርእይቶታትን ለበዋታትን ድማ፡

1. ኣብ መንጐ ክልቲኡ ወገናት ተፈጢሩ ዘሎ ጋግ ንምጽባብ ምጽዓር፤
2. ኣብ ሓባራዊ ጒዳያት ምትሕብባርን ምውህሃድን ምግባር፤
3. ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝካየድ ተቓውሞታት ኣብ ምሕያልን፤ ንውድቀት'ቲ ስርዓት ኣብ ዘቃላጥፍን ስርሓት ምትኳር፤
4. ህዝብና ብርግኣትን ሰላምን ዲሞክራስን ዝነብረሉ ኩነታት ንምስፋን ምጽዓር፡ ዝብል ይርከቦ።

እዚ ኣኼባዚ ካብ ዝሓለፉ ኣኼባታት ተቓውሞ ውድባት ብጣዕሚ ፍሉይ ዝገብሮ ነገራት ኣለዎ፡። ኣብዘን ዝሓለፋ ውሑዳት ዓመታት ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ ናይ ምልካውያን መራሕቲ ህግደፍ ናይ ባርነት መቒሕ ሲቢሮም፡ ምድረበዳን ባሕርን ጥሒሶም ዝመጹ ኤርትራውያን መንእሰያት ከተአንግድ ትርከብ። ገለ ካብኦም ኣብ ዊዓ ተኣሲሮም ዝነበሩ፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ዋርሳይ ይከኣሎ ተሰሊፎም ሃገራዊ ግቡኦም ዝፍጽሙ ዝነበሩ ይርከብዎም። ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ምስ ኣተዉ ነቶም ብድሕሪት ገዲፍናዮም ዝመጻእና ብጾትናን ህዝብናን ግዳይ ህግደፍ ክኾኑ ክንርስዖም የብልናን ብዝብል ሕልና ተደሪኾም ምስ ተቓውሞ ውድባት ተሰሊፎም ኣብዚ ኣኼባዚ ብብርክት ዝበለ ቍጽሪ ተሳቲፎም። ኣብዚ ዕዮዚ ተራ መንእሰይ ዓቢ ከምዝኾነ ንምግንዛቡ ግዜ ዘይወሰደሎም ገዳይም ኣባላት ተቓውሞ፡ በዚ ንዕምሪ ስርዓት ህግዲፍ ከሕጽር ተበጊሱ ዘሎ ተካኢ ሓይሊ መንእሰይ ፍናኖም ክብ ክብል እንከሎ፤ ብኣንጻሩ ወይጦታት ህግደፍ ግን ብኣንጻሩ፡ በዚ ናይ መንእሰይ ጉዕዞ ሰንቢዶም ካብ ቃልሲ ክኣልይዎም ዘይፈተንዎ ማእለማታት የሎን።

ንዑ ምሳና ተሰርዑ፡ ካብ ሃገርኩም ምህዳም ጌጋ'ዩ፤ ይኽረታ እንተሓቲትኩም ግን፡ ነጻ ክንብለኩም ኢና፤ ዋላ ንዓድኹም ክትበጽሑ እንተደሊኹም ፍቓድ ክንህበኩም ኢና ዝብል ናይ መታለሊ ስልትታት እንዳተጠቕሙ፡ ነቲ ካብ ማእሰርትን ካብ ረሻሽ ጠያይቶምን እገረይ ኣውጽእኒ ኢሉ ዘምለጠ መንእሰይ ከታልልሉ ፈቲኖም ኢዮም። ከምቲ ምብላዕካ ዝለመደስ ክርእየካ የንባሁኽ ዝበሃል፡ ኣብ ኤርትራ ከለዉ ከም ባሮት ብነጻ ዘገልገልውም ከይኣክል፡ ይኽረታ ክንገብረልኩም ኢና ብዝብል ምስምስ መሕወይ ሃገር 2% ክፈሉ ወዘተ.. ኢሎም ንዳግማይ መዝመዛ ከምቻችእዎም ከንቱ ፈተነ የካይዱ ኣለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ንሓይሊ ማዕበል መንእሰይ ክገትእ ዝኽእል ሓይሊ ስለዘየለ፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ሽቶኡ ከይወቅዐ ክዓርፍ ከምዘይኮነ ክፈልጡ ይግባእ።

ኣኼባ፡ ካብ ሰዓት ሽውዓተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት ዓሰርተው ሓደ ናይ ምሸት'ዩ ቀጺሉ። ድሕር'ዚ ብኣሰናዳእቲ ኣኼባ ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ዓይነት ምግብታት ድሕሪ ምምጋብ፡ በቶም ወናማት ናይ ባህሊ ተጻወቲ ዝዓመረ ጓይላ ተጀሚሩ ወጋሕ ትብል ለይቲ ኮይኑ ክሳብ ሰዓት ናይ ክልተ ጸወታ ቀጺሉ።

# ኤርትራ፡-

## 1. ዑቕባ ዝሓተቱ ኣባላት ሕርይቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ምስ ረድዮ ድምጺ ኣመሪካ ቃለ መሓትት ኣካይዶም

6 ኣባላት ሕርይቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ብሰኑይ 26.03.2007 ኣብ ኣንጎላ ዑቕባ ከምዝሓተቱ ዓዋተ.ኮም ጸብጺቡ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። ንሳቶም ከኣ፡ ዘሚካኤል ኣስመላሽ፡ ምስግና ብስራት፡ ዮናስ ንጉስ፡ ዮሴፍ ሚኪኤል፡ ኣማኑኤል ነጋሲን ተመስገን ተስፋይን ኢዮም። ሕቡራት ሃገራት ውን፡ ብኡ ንብኡ እዚ ወረ'ዚ ሓቂ ምዃኑ ኣረጋጊጹ ነይሩ።

ረድዮ ድምጺ ኣመሪካ፡ ናይ ትግርኛ ፕሮግራም፡ ምስ ኣማኑኤል ነጋሲን ተመስገን ተስፋይን ብዕለት 29.03.2007 ቃለ መሓትት ኣካይዱ። ረድዮ ድምጺ ኣመሪካ፡ ቅድሚ ሕጂ ንደገ እናወጻእኩም ትጻወቱ ኔርኩም ኢኹም፤ ስለምንታይ ደኣ ሎሚ ዑቕባ ክትሓቱ መሪጽኩም ክብል ንዘቕረበሎም ሕቶ ክምልሱ እንከለዉ፤ እቲ ኵነታት ይመሓየሽ ይኸውን ዝብል ተስፋን ትጽቢትን ከምዝነበሮምን፡ ብተግባር ግን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፍአ ምኻዱ ገሊጾም። እቲ ዑቕባ ናይ ምሕታት ሓሳብ ኣብ ኣንጎላ ምስ በጻሕኩም ድዩ መጺኡኩም ወይስ ቅድም ክትብሉ መዲብኩምዎ ጸኒሕኩም ንዝብል ሕቶ ድማ፡ ቅድም ክብሉ ካብ ኣስመራ ከይተበገሱ መዲቦምዎ ከምዝመጹ ሓቢሮም። ብዘይካ ሽዱሽተኦም ካልእ ብዛዕባ ዑቕባ ናይ ምሕታት መደቦም ዝፈልጥ ኣካል ከምዘይነበረ ውን ገሊጾም።

ኣስዒቦም፡ በቲ ዝጠለብዎ ናይ ዑቕባ ሕቶ፡ ኤርትራውያን ኣብ ሃገሮም ክሳዕ ክንደይ ይሳቐዩን ይጭቆኑን ከምዘለዉ ንዓለም ንምርኣይ ዝዓለመ ምዃኑ ኣብሪሆም። “ንሕና፡ ዑቕባ ንሓተሉ ሃገር ከነማርጽ ኣይደለናን፤ ዝኾነ ይኹን ብሰላም ክንነብረሉ እንኽእል ሃገር ጥራሕ ኢና ንደሊ። ካብ ኣንጎላ ናብ ካልእ ዝሓሸ መነባብሮ ዘለዎ ሃገር ናይ ምስጋር ዕላማ ውን የብልናን ኢሎም። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ፡ ነፍስወከፎም ከም'ቲ ኵሉ ንወጻኢ ዝንቀሳቐስ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ 100,000 ናቕፋ ትሕጃ ከፊሎም ከምዝወጹ ኣጋሊጾም።

እዞም ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ እዚኣቶም ብምሉኣቶም ቀወምትን ምሩጻትን ተጻወቲ ምንባሮም፤ ብደረጃ ተጠባባቕቲ ዝፍለጡ ተጻወቲ ኣብ መንጎኦም ከምዘየለዉን ተፈሊጡ ኣሎ። እታ ጋንታ ናብ ኣንጎላ ዝኸደትሉ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ'ቲ ኣብ 2008 ዓ.ም ዝካየድ ናይ ኣፍሪቃ ዋንጫ ውድድር ናይ ዝሳተፉ ጋንታታት፡ ናይ ምጽራይ ግጥምያ ንምክያድ ኢዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ግጥምያ'ዚ ኣንጎላ 6-1 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ከምእተዓወተት ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ 4 ኣባላት “ክፍሊ ባህሊ ሓላው ወሰን”፡ ኣብ ኣውስትራልያ ዑቕባ ምሕታቶም ዝዝከር ኢዩ።

## 2. ኤርትራ፡ ኣባልነታ ካብ ኢጋድ ኣንጠልጢላ

በይነ መንግስታዊ ማሕበር ልምዓትን ምክልኻል ምድረበዳን ወይ ኢጋድ (IGADD) ኣብ 1986 ዓ.ም ኢዩ ተመስሪቱ። ብ1996 ድማ፡ ጸጥታውን ፖለቲካውን ቍጠባውን ምትሕብባር ንምምዕባል ዝዓለመ ትካል ብምዃን በየነ-መንግስታዊ ናይ ልምዓት በዓል ስልጣን ወይ ኢጋድ (Inter Governmental Authority for Development) ብዝብል ስም ክጽዋዕ ጀሚሩ። ከንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሱዳን፡ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡትን ሶማልን ድማ ኣባላት'ቲ ማሕበር ምዃነን ይፍለጥ።

ኤርትራ፡ ኣንጻር ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበር ሃገራት ኣዕራብን ዝኣመሰሉ ኣህጉራዊ ትካላት ጽዑቕ ፕሮፓጋንዳዊ መጥቃዕቲ ተካይድ ምንባራ ይዝከር። ስርዓት ኢሳያስ፡ ብፍላይ ሕቡራት ሃገራትን ሓድነት ኣፍሪቃን ዝኾነ ይኹን ቍም ነገር ዘይብለን፡ ሽግራት ክፈትሓ ዘይክእላ ልሙሳት ማሕበራት ኢየን እናበለ ይገልጸንን፤ ኣብ ክንድኣን ድማ፡ ዞባዊ ትካላት ክቼማ

ይጽውዕን ምንባሩ ናይ ቀረባ እዋን ዝኸሪ ኢዩ። ሽግራት ኣፍሪቃ ብፍላይ፡ ብሕብረት ኣፍሪቃ ዘይኰነስ፡ ከም ኢጋድ ብዝኣመሰላ ዞባውያን ትካላት ጥራሕ'ዩ ክፍታሕ ዝኽእል እናበለ ይምጕት ምንባሩ ውን ኵላትና ክከተተሎ ዝጸንሐ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ።

እዚ ከበሃል ከምዘይጸንሐ፡ ኮር ተገልበጥ፡ ኢጋድ ዝረብሕ ማሕበር ስለዘይኰነ፡ ኤርትራ ኣባልነታ ኣንጠልጢላ ኣላ ዝብል ብዕለት 21.04.2007 በቲ ስርዓት ዝተዋህበ ሃንደበታዊ መግለጺ፡ ንተጋላባጥን ዘየተኣማምንን ባህርያት ናይ'ቲ ስርዓት ዘንጸባረቐ ተወሳኺ ጭብጢ'ዩ ኰይኑ። እዚ ምዕባለ'ዚ መቐጸልታ ናይ'ቲ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ዝኽተሎ ፖሊሲ ኢዩ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ካብኡ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ንዝወነነ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ምጽላምን ብኽድዓትን ብጸረ ሃገራውነትን ምኽሳስን ልሙድ ጠባያቱ ኰይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኢጋድ ውን፡ መሳርሒ ናይ ስርዓት ኢሳያስ ክሳብ ዘይኰነ፡ ዕጫኡ ከም ሕብረት ኣፍሪቃን ሕቡራት ሃገራትን ወይ ድማ፡ ከም'ተን ክንእደን ጸኒሑ ሕጇ ዘጸልመንን ዝዋግኣንን ዘሎ ጕረባብቲ ሃገራት ክኸውን ግድነት ኢዩ።

## 3. ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ሕቡራት ሃገራት ካብ ኤርትራ ተባሪሩ

ደቪድ ባክስ፡ ኣባል ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (UNMEE): ሓላፊ ስርሒት ምምካን ነተጐቲ፥ ኣብ ዝሓለፈ ዓርቢ ብስርዓት ኢሳያስ ካብ ኤርትራ ክወጽእ ተወሲኑሉ። ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ በቲ ውሳኔ ዕጉብ'ኳ እንተዘይኰነ፡ ነቲ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ካብ ምውዓል ሓሊፍ ካልእ ምርጫ ከምዘይብሉ ኣፍሊጡ ኣሎ። ጠንቂ ምብራር ናይ'ቲ በዓል ስልጣን ግን፡ ኣይተገልጸን።

## 4. 173 ሓደስቲ ስደተኛታት ኣብ ሸገራብ (ሱዳን) ኣትዮም

ኣብ ዝሓለፉ ሰሙን፡ 173 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ መደበር ስደተኛታት ሸገራብ ከምዝኣተዉ ተፈሊጡ ኣሎ። ኮሚሽን ስደተኛታትት ሱዳን (Sudanese Comission of Refugees) ከቕርበሎም ዝኽእል ትሕዝቶ ስለዘይነበሮ፡ ነቶም ኣብ'ቲ መደበር ዝቕመጡ ገዳይም ስደተኛታት ክተሓባበርዎም ሓተተ። ተቐማጠ መደበር ስደተኛታት ሸገራብ ንገዛእ ርእሶም ዓቕሚ ስለዘይብሎም ግን ክሕግዙ ኣይከኣሉን። ስለዝኾነ ድማ፡ እቶም ህጻናትን ኣደታትን ዝርከብዎም ሓደስቲ ስደተኛታት ንገለ መዓልታት ብዘይ መግብን መጽለልን ክጸንሑ ተገዲዶም።

ትማሊ ዕለት 21.03.2007 ግን ኣብ ሽወክ ዝመደበሩ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ተንዳታትን መግብን ሒዙ ከምዝመጸን፤ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ጥራሕ ናይ ምብላዕ ዕድል ተረኺቡ ከምዘሎ፡ እሙናት ምንጪታትና ኣረጋጊጾም። መብዛሕትኦም ካብ'ቶም ስደተኛታት፡ ካብ ባርካን ጋሽን ዝመጹ ኢዮም። ድሕሪ ቍሩብ መዓልታት ናብ መደበር ስደተኛታት ኪሎ ስታ ዎ ዕሽሪን ክሰጋገሩ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## 6. ከንያ፡ ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ሰለስተ ኤርትራውያን ኣረኪባ

መንግስቲ ከንያ፡ ብ20 ጥሪ 2007፡ ሰለስተ ኤርትራውያን ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ከምዘረከበት፡ ሻዕባይት እተባህለት ናይ'ቲ መንግስቲ ናይ ዜና ማዕከን ንመግለጺ ሚኒስተር ዜና ኤርትራ ጠቒሳ ኣብ ናይ 3 ጥሪ 2007 ጸብጻባ ሓቢራ። እቶም ናብ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልያ ተረኪቦም ዘለዉ ኤርትራውያን፡ ተስፋልደት ኪዳነ ተስፋዝጊ፡ ሳልሕ ኢድሪስ ጋማን ዑስማን መሓመድ ብርሃንን ምዃኖም ውን ሻዕባይት ዶት ኮም ጠቒሳ። ጠንቂ ናይ መረከቢኦም ምኽንያት እንታይ ምዃኑ ከይሓበረት፡ ስርዓት ኣስመራ፡ ብቕልጡፍ ክፍትሑን ናብ ሃገሮም ክምለሱን ንመንግስቲ ከንያ ከምዝሓተተ ጥራሕ ገሊጻ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሶማልያ ወተሃደራቱ ልኢኹ ምንባር ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ምንጪታትን ክዛረብሉ ዝጸንሑ ጕዳይ ምዃኑ ዝፍለጥ ኢዩ።